ብምኽንያት መስዋእቲ ክቡር ኣምባሳደር ግርማ ኣስመሮም
(ብጻይ ኣሸናፊ ኣብርሃም/ኣሼ ፍራንክፈርት/ጀርመን)

ግርማ ግርማ ሃገሩ
ወየ ዶ ክብል መሕደሪ ኣሻሓት ኣቑሪርካና
ኣንታ ጽኑዕ ኣብ መትከሉ ኣያየ ካን ተፈሊኻና
ግርማና እንዲኻ ኮምፓስ ማእዝንና
ዝጻመኻሉ ዕላማ ኣብ ምርሃዉ ዓለም ኣብ ምድናና
ብሉጻት ምምራጽ ኮይኑ ሕሩያት በራውር
እዛ መንዛዒት ዓለም ጀጋኑ ጥራይ ክትምእርር
ኮኾብ ተናዲ መሲልዋ ዶ ታ ዘይንተኻኻእ
ንስለ ሪም ብሉጽ ኣፍርዩ ንሱ ዝኸውን ሞባእ
ግርማ!! እቶም ንጽምዶና ክኾልፉ ኣብ ጠረጴዛ ዝኸበቡ
ጽንዓትካ ዘርኣኻዮም ነቲ ሓቂ ክሳብ ዘንብቡ
ኮሶ እንዳጠዓሞም ዘውሓይካዮም ሰብ ጻዕዳ ገዛ
ሕጂ እንደሞ ከሰርናካ ግርማና ሐዚንና እምብዛ
ምስልና ድዊኖም ሰብ ረብሓ ሰብ ቁረባበሻ
መዋእሎም ጽርድና ዘይረኣናሎም መለሳ
ብሓራኒ ድምጽኻ ጉዶምን መዘዞምን ትብርብር
ለካ ጅግና ስ ጂግና ደኣ ታሪኹ እዩ ዝነብር
ጻማ ክርትትናኻ ብኻዕበት ኣብ ትሓፍሰሉ
መዋእል ጽንዓትካ ዘርኣኻሉ ምህርቱ ኣብ ትዝጓርተሉ
ጸማም እዝኒ ዓለም ኩኩዓ ገላሊህካ ኣብ ዘስማዕካሉ
ግርማና መሪጻትካ እምበኣር እዛ ዓለም ሽሉ
ትማሊ ዶ ኣይወዓልካን ኣብቲ ሓያል ቁርቁስ
መሓንገጋ መሊስካሎም ኣብቲ ፍጥጥ ቅልስ
ሓቂ ክተፍኡ ንስኻ ኣመንጊግካ ከተኻልስ
ግርማና ! ካን ኢልካና "" ቀጽሉ"" ኣርዒምናዮም ሎምስ
ኡፈይ ከይበልካ ምስ ሓያላት ትረማረም
ሓቂ ከተእምና ነታ ዘራጊት ሰላም ዓለም
ንሶም ክጥጅኡ ንስኻን ውዲቶም ከተበርዕን
ቅሰን ግርማና ኣብ ኣሰርካ ኣለና ዘበት ነይንደንብ
ቅሰን ሃብሮማይ መቓብርካ ትለምልም ግርማ ሃገር
ኣብ ንኽሰትካ ኣለና ሕጂ ውን ኣበደን ነይንብገር
መሬት ሓቃ ወሊዳ እያ በትሪ ሓቂ ኣይተዓጽፈትን ንምሽቱ
ኣብ ልቢ ኩልና ኣለኻ ኣያየ ዘንት እለት ዘንት ውእቱ

ዘልኣለማዊ ክብሪ ብሰማእታትና
ዓወት ንሓፋሽ
ኣሸናፊ ኣብርሃም(ኣሼ)